# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ. 309 ሰንበት 25 ነሓሰ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዝምድናን ተመሃርን ዝመርጽዎ ዓውድን

ገጽ 3
ከምዚ'ውን ኣሎ


ገጽ 4
ኣብ ስርዓተ-ምዝገባ ቀዋሚ ንብረት ዘድልዩ ሰነዳትን ሳዕቤን ዘይምምዝጋብን


ገጽ 5
"ከም' ዚ ዝዓይነቱ መጽሓፍ ንኽጽሕፍ ዝደረኸኒ፡ ብቐንዱ ሞያዊ ስርሐይ እዩ" ተስፋይ ዐቕባይ


ገጽ 7
ስፖርታዊ ውድድር እዚ ሓይሊ ኣየር ይቕጽል


## ኣሃዱ 'ህዝባዊ ምዝገባ' ዞባ ማእከል ስሉጥ ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ይሰርሕ

ኣብ ትሕቲ ጨንፈር ህዝባዊ ምዝገባ፡ ማሕበራዊ ውሕስነትን መቓብራትን ዞባ ማእከል ዝርከብ ኣሃዱ ህዝባዊ ምዝገባ፡ ዘድሊ ሰነዳት ዝዋግኡ ነበርቲ 16 ንኡሳን ዞባታትን ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታትን ስሉጥ ኣገልግሎት ንምርግጋጽን ዝርአ ሕጽረታት ንምምላእን ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ሓላፊ'ቲ ኣሃዱ ኣቶ ተስፋልደት ሃብተሚካኤል ሓቢሩ።

ኣብ ቀዳሞት ሸድሽተ ኣዋርሕ ናይ 2024 ልዕሊ 27 ሽሕ ተገልገልቲ ከምእተኣንገዱ ዝጠቐሰ ኣቶ ተስፋልደት፡ እቲ ሕጋዊ ሰነዳት - ብቛንቋታት እንግሊዝን ትግርኛን ዝዓሎ መረጋገጺ ዕለተ-ልደት፣ ናይ መርዓ ወረቐት ምስክር፣ ናይ ሞት ወረቐት ምስክር፣ ናይ ፍትሕ ወረቐት ምስክር፡ ከምኡ'ውን ካብ መርዓ ናጻ ምዃን ዘረጋግጽን ካልእን ከምዝጠቓልል ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ህዝባዊ ምዝገባን ማሕበራዊ ውሕስነትን መቓብራትን ኣቶ ኣብርሃም ተካ ድማ፡ ኣብ ወሽጢ ሃገር ዝቕመጡ ተገልገልቲ ኩሉ ሰነዳቶም ኣማልኦም በቲ ዝነብሩሉ ንኡስ ዞባ ተማእኪሎም ምስ ዝቐርቡ፣ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ድማ፡ ዘድሊ ቅጥዕታት ኣማሊኦም ብመንገዲ ኤምባሲ ኤርትራ ምስ ዝመጽኡ፡ ስሉጥ ኣገልግሎት ክረኽቡ ከምዝኽእሉ ኣረዲኡ።

ኣቶ ኣብርሃም ወሲኹ፡ ኣብ ክልተኡ ጾታ ካብ መርዓ ናጻ ምዃኑ ዘረጋግጽ ወረቐት ምስክር ንሸዱሽተ ኣዋርሕ ጥራይ ከምዘገልግል ብምሕባር፡ ዜጋታት ዝወሃቦም ሕጋዊ ሰነዳት ብግቡእ ክዕቅቡዎ ኣተሓሳሲቡ።

ህዝባዊ ምዝገባ ኣብ ሃገርና፡ ኣብ 1892 ከምዝተኣታተወ ሰነዳት የረድኡ።



## ሓልሓል - ፖሊስ፡ ኣፍልጦ ሕጊ ዘበርኽ ጒስጓሳት ኣካይዱ

ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሓልሓል፡ ብ19 ነሓሰ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ማይ-ኣዋልድን መሉብሶን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ሕጊ ዘበርኽ ጒስጓሳት ኣካይዱ።

ኣዛዚ መደበር ፖሊስ'ቲ ንኡስ ዞባ ሰርጀንቲ ሓሰቦ መሓመድ-ኣልኣሚን፡ ገበናትን በደላትን ብምንካይ ውሕስነት ህይወትን ንብረትን ንምርግጋጽ - ንቕሓትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ ኣብ ሕጊ ምብራኽ መሰረታዊ ብምዃኑ፡ ዜጋታት ኣጒዳሰኦት ናይ'ቲ በበእዋኑ ዝወሃብ ኣስተምህሮታት ክዋዕዙ ኣዘኻኺሩ።

ሸለልትነት፡ ቅልጡፍ ሓብሬታ ዘይምሃብን እንታይ ገደሰኒ ምባልን ክእረሙ ካብ ዝግባኦም - ንገበናት ዘተባብዑ ተርእዮታት ምዃኖም ድማ ኣገንዚቡ።

ሓደጋታት ትራፊክ ብዘምልከት፡ ክቢር ናህሪ ልዕሊ ዓቕን ጾዕነት ሰባትን ንብረትን ካብ'ቶም ንሓደጋ ዝቃልዑ ጥሕሰታት ሕጊ ምዃኖም ዝሓበረ ሰርጀንቲ ሓሰቦ፡ መራሕቲ መካይን ብሕጋጋት ትራፊክ ክቕየዱ ተላብዩ።

ዓይኒን እዝኒን ፖሊስ ህዝቢ ምዃኑ ዘዘኻኸረ ሰርጀንቲ ሓሰቦ፡ ህዝቢ ምትሕብባሩ ምስ ፖሊስ ከዛይድ፣ ምስ ኮማዊ ፖሊስን መደበራትን ቕጥታትን ፖሊስን ክተሓባበር ኣተሓሳሲቡ።

## ፎሮ - ኣብ ሕጊ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ንነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ማልካ፡ ኢደርማለ፡ ደናንለን ዞላን፡ ካብ 7 ክሳብ 15 ነሓሰ ኣብ ሕጊ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ ዓዲታት ዐመር-ቃብሪ፡ ኡምሌ፡ ዱንጉለን ዞላን ኣብ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ሓላፊ መደበር ፖሊስ ፎሮ ምክትል ተለንተ ተኽለ ሃይሌ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝጋንን ገበናት'ኳ እንተዘየለ - ሓላሊፉ ንዝርአ ንምግታእ ዝምድና ህዝብን ፖሊስን ክሕይል ኣዘኻኺሩ።

ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ከምዘየድሕን ጠቒሱ፡ ሕብረተሰብ ኣፍልጦኡ ኣብ ሕጊ ብምብራኽ፡ ኣብ ምክልኻል ገበንን ምቕላዕ ገበነኛታትን ምትሕብባሩ ከዛይድ ተላብዩ።

## "ንተፈተነ ዝተዘርአ ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን፡ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ በጺሑ" ሓረስቶት ድባርዋ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ዝተዘርአ ኣብ ማእከል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ዝፈረየ ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን - ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ፡ ሓረስቶትን ክኢላታትን ሓቢሮም።

ነቲ ዘርኢ ዝፈተኑ ኣብነታውያን ሓረስቶት ንኤርና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣቐዲሞም ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ዘርኢ ዕፉን፡ ምስ ድኻሞም ዝዓረን እቶት ይረኽቡሉ ከምዘይነበሩ ብምሕባር፡ እዚ ብሞያውያን ሕርሻ ሃገርና ዝፈረየ ሓድሽ ዘርኢ - ዓቢ ተስፋ ኣንብርምሉ ከምዘሎዉ ገሊጾም።



እቲ ንፈተነ ዝተዘርአ ዕፉን፡ ብዘተጕብረሉ ክንክን ደሮ ኣብ ምስጋንን ምሽዋትን ከምዝበጽሐ እውን ሓቢሮም።

ብኻልእ ወገን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣባላት ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ካብ 8 ነሓሰ ጀሚሮም ኣብ እምባ መተዛን ኣብ ዝርከብ ኣስታት 5 ሄክታር ሕዛእቲ፡ ናይ ምግራብ ወፈራታት ከምዝካየዱ ተፈሊጡ።

በቲ 200 ሰባት ዝተሳተፍዎ ስራሕ፡ 10 ኪሎሜተር ቅናታዊ ዛላ ብሓመድን 300 ሜትሮ ዛላ ብእምኒን ክሰርሕ እንከሎ፡ ሓደ ሽሕ ጕዳጉዲ ተኳዒቱ ፈልሰታት ከምእተተኽሉ፡ ኣቦመንበር ጨንፈር ኣቶ ግርማይ ተወልደ ገሊጹ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ ቀዳሞት ሸድሽተ ኣዋርሕ ናይ'ዚ ዓመት ዝተመዝገበ በደላት፡ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ ብ40 ሚእታዊት፣ ገበናት ድማ ብ38 ሚእታዊት ከምዝጐደለ በሪሁ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ - ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ኢደርማለ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኰረ ማእቶት የሰላስሉ ኣለዉ።

ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ያሲን ከይረ ዐመር፡ ዛጊት ኣብ ዓድታት ኡምሌ ሰርደንን ኢደርማለን - ምፍዋስ ማይ-ኮዎታት፣ ምስራሕ ዛላታትን ከትሪታትን፡ ምጽጋን መእለዩ ውሕጅን ጀረፋትን፡ ከምኡ'ውን ምትዕርራይ ናይ ሓመድ ጸርግያን ካልእን ከምእተዓመ ሓቢሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሸድሽተ ኣዋርሕ ብደምር 8 ኪሎሜተር ናይ ሓመድ ጸርግያን ልዕሊ 100 ኪሎ-ሜተር ቅናታዊ ዛላታትን ከትርታትን ክሰርሑ እንከለው፡ ኣብ ኢደርማለ 120 ሜትሮ መእለዩ ውሕጅን ጀረፋትን ተጸጊኑ።

# ኰርናዕ ተመሃሮ

ሰራፊል ተስፋብሩኽ

## ዝምድና ተመሃሮን ዝመርጽዎ ዓውድን (1)

እዚ ዘለናዮ ወቕቲ፡ እቶም ንዓመት መመላእታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይካኣሎ ዝጸንሑ ተመሃሮ፡ ድሕሪ ዕረፍቶም ናብ ኮለጅ ዝጽንበርሉ እዩ። ዝበዝሐ እዋን ካብ ካልኣይ ደረጃ ናብ ኮለጅ ኣብ እንሰጋገረሉ እዋን ኣየናይ ዓውዲ ከነጽንዕ ምኳንና ንኽንውስን ንጽገም ኢና። ተመሃሮ፡ በቲ ኣብ ማትሪክ ዘመዝግቡዎ ውጽኢት፡ ኣብ ኣየናይ ደረጃ ከም ዝመሃሩ ይውሰን። እቶም ናይ ዲግሪ ነጥቢ ዘመዝገቡ ንዲግሪ፡ እቶም ናብ ዲፕሎም ናብ ዲፕሎም፡ ሰርቲፊኬት ከኣ ኣብ ናይ ሰርቲፊኬት ደረጃ ይመሃሩ። ካብኡን ናብኡን እቶም ኣብ ሓደ ደረጃ ዘለዉ፡ ንኣብነት ኣብ ዲግሪ ፕሮግራም ዘለዉ፡ ዘመዝግቡዎ ነጥቢ ካብን ናብን ይፈላለ፣ ካብን ናብን ይበላለጹ እዮም። ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ከም እተዓዘብናዮ ኸኣ እዚ ዘመዝገቡዎ ነጥቢ ነቲ ዝመርጹዎ ዓውዲ ክውስን ይኽእል።



ብቐንዱ ግን ክሳዕ ናብ ኮለጅ ዝሕወሱ ኣየናይ ዓውዲ ክመሃሩ ከም ዝደልዩ ዘይፈልጡ ተመሃሮ ውሑዳት ኣይኮኑን። እትመሃሮ ዓውዲ፡ ብቐንዱ ኣብ ዘለካ ድልየትን ዝምባለን ይምርኰሰ'ኳ እንተ ኾነ፡ በብእዋኑ ከከም ኩነታቱ ዝመጽኡ ረቛሒታት'ውን ኣይሰኣኑን። ገለ ተመሃሮ ንሓደ ዓውዲ በቲ ዝምእምኦም ዓይነት ትምህርቲ ይሰርዑዎ፣ ገለ በቲ ቀልጢፉ ገንዘብ ዝርከቦ ይሰርዑዎ፣ ገለ'ውን እቲ ዘመዝገብዎ ነጥቢ ነየናይ ዓውዲ ይበቅዕ ኢሎም ብምሕሳብ ይውስኑ።

ህይወትካ ብዝደለኻያ መገዲ ከተኺዳ ምሉእ ስልጣን ኣሎካ። እቲ ናይ ህይወትካ መገድታት ብገዛእ ፍቓድካ ኢኻ እትመርጾ። ግና ኣብ ዝኾነ ጫሌዳ ሓደ ግዜ ደው ኢልካ ምሕሳብ ኣድላይነቱ ዕዙዝ እዩ። ካብ መቕርብካ፡ መምህራንካን ኣያታትካን ምኽሪ ክትሓትትን ክትረክብን ትኽእል ኢኻ። እዞም ትሕቲኦም ተዘርዚሮም ዝርከቡ ነጥብታት፡ እንመርጾ ዓውደ-ትምህርቲ ብኣየናይ ዓይነ ርኢና ክንመርጽ ከም እንኽእል ዘኣንፍቱ ክኾኑ እዮም፤

### ንመምን ኢልካ ትመሃር?

ካብ ግዜ ቍልዕነትና ምስ ዓበኻ እንታይ ኢኻ ትኸውን ተባሂልና ንሕተት ነይርና። እዚ ሕቶ ክሳዕ ማትሪክ ተኻፊልና ነጥቢ ነምጽእ፡ ካብ ዝባንና ኣይወርድን እዩ። ናብ ኮለጅ ዘእቱ ነጥቢ ሒዝና ኣብ እንምለሰሉ እዋን ከኣ ኣገዳስነታን በዳህነታን ዓብዩ ይጸንሓና። "እንታይ ኢኻ ክትመርጽ?" ዝብል ሕቶ ዝመጽእ በጺሒ'ዩ ዝሓተና። ሓቲቱ መልስኻ ሰሚዑ ዝኸይድ'ኳ ድሓን'ዩ። ገለ ግን ነቲ ንስኻ እትመርጾ፡ 'እዚ ይሕሸካ' 'እዚ'ዩ ሎሚ ዝብለዖ' ወዘተ. እናበሉ ንውሳነኻ ይፈታተንዎ። ንስኻ ግን እታ መጀመርታ ንነብስኻ ክትሓታ ዘለካ ሕቶ "ንመን ኢለ'የ ዝመሃር?" ኢልካ ሕተት። እቲ መልሲ ብርግጽ ንነብስና ኢልና ኢና እንመሃር። ስለዚ ደጋጊምካ ኣረጋጊጽካ ክትፈልጦ ዝግባእ ንስለ ወለድኻ፡ ኣሕዋትካ፡ መምህራንካ፡ ወዘተ. ኣይኮንካን ክትመሃር። ድልየትካን ባህግኻን ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድሚት ኣቐምጥ።

ብትምህርቲ ካብቶም ብሉጻት ተመሃሮይ ዝነበርት'ያ። ኣብ ማትሪክ ተሳቲፋ ምሉእ ነጥቢ ከም ዘመዝገበት ሰሚዐ ነበርኩ። ኣጋጣሚ ኲይኑ ድሕሪ ሰለስተ-ኣርባዕተ ዓመት ምስ ረኸብኩዋ፡ ኣነ ተሓጉስኩ። ንሳ ግን ነዛ ሰላምታ ከየጽገበትኒ ክትከይድ ትደሊ ነበረት። ሕልማን ድልየታን ገና ኣብ ዓስራይ ክፍሊ እንከላ እፈልጦ ነበርኩ። ምሉእ ኣርባዕተ ነጥቢ ሒዛ ስለ ዝተመልሰት ከኣ እቲ ናይ ሕልማ ዓውዲ ተጽንዕ ከም ዘላ ትሑዝ ገይረዮ። ሽበድበድ ምባላ ግን ኣየቕሰነንን። ድሒረ ብዝፈለጥኩዎ ግን፡ እቶም ካብኣ ዝዓብዩ ኣሕዋታ ምሉእ ነጥቢ ስለ ዘሎዋ መዲካል ዶክትረይት ከተጽንዕ ደፋፊኦማ፣ ሕልማ ግን ንሱ ኣይነበረን። መዲካል ዶክትረይት ኣርባዕተ ምሉእ ስለ ዝሓዝካ ጥራይ ዝእቶ ኣይኮነን። ኣርባዕተ ካብ ኣርባዕተ ምሉእ ድልየት ክህልወካ ኣለዎ። እዛ ተመሃሪተይ ነበር ግን ደሃይ ውሽጣ ገዲፋ ኣትያቶ። ዝኾነ ስምዒት ክህባ ስለ ዘይክኣለ ተገዳስነታ ጐዲሉ። ንምምሃርን ዘይምምሃርን እትወላወለሉ ግዜ በጺሓ። ስለዚ፡ ንስኻኸ ንመን ኢልካ ኢኻ ክትመሃር?

### ዝምባለኻን ሓይልኻን ትፈልጦ ዲኻ?

ሓደ እዋን ኣብ ስነ-ፍልጠት ኣዝዩ ግዱስን ንፉዕን ተመሃራይ፡ "ኣነ ሳይንስ እፈትዎ'የ፣ ሙዚቃ ኸኣ እፈትዎን ደስ ይብለንን እዩ። ናበይ እንተ ወሰንኩ ይሕሸኒ?" ክብል ሓተተኒ። ጽቡቕ ነገሩ ኣብ ዓድና ናይ ሙዚቃ ኮለጅ ስለ ዘይብልና ኣብቲ ኣዝዩ ዘድምዓሉን ንባዕሉ ዝፈትዎን ሳይንስ ጸቒጡ ክሰርሕ፡ ንሙዚቃ ኸኣ ግዜ እናሃብን ብውልቁ እናተማህረን ከዕብዮ መኺረዮ። ዝምባለኻ እንታይ'ዩ ምፍላጥ ንውሳነኻ ሓጋዚ እዩ።

ዝምባለን ኣብ ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ዘሎካ ዕቕሚ ወይ ሓይልን ፈላሊኻ ክርአ ይኽእል። ሓደ ንቕጽሪ ፈጺሙ ዘይፈትዋ ተመሃራይ ገጢሙኒ ይፈልጥ'ዩ። ነፊዑ ናይ ዲግሪ ነጥቢ ሒዙ ካብ ሳዋ መጺኡ። "ቍጽሪ ፈጺመ'የ ዘይፈትዋ፣ ሕመቐይ ከመሓይሽ ብዙሕ ጸዒረ ኣይኩነለይን። ቍጽሪ ዘይብሉ ዓውደ-ትምህርቲ ብኸመይ'የ ክመርጽ?" ብምባል ሓተተ። ቍጽሪ ዘይምልከቶ ዓውደ-ትምህርቲ የለን እንድዩ። እንተኾኑ፡ ዝኾነ ተመሃራይ ሕማቕን ጽቡቕን ጐድኒ ኣሎዎ። ኣበይናይ ዓይነት ትምህርቲ ዝያዳ ይብርሆን የድምዕን ዝፈልጥ ተመሃራይ፡ ከድምዓሉን ክዕወተሉን ዝኽእል ዓውዲ ክመርጽ ዘሸግር ኣይኮነን። "ህይወትካ ምስ ቍጽሪ ከይተጋጠምካ ኣይትሓልፎን ኢኻ። ግና ቍጽሪ ብዘይ ምፍታውካ ዘርብሑኻ ዓውድታት ክትፈልጦም የድሊ። ንቕጽሪ ኣብቶም ትፈትዎም ዓይነት ትምህርቲ ተጸቢሑ ምስ ጸንሓካ ከይተረድኣካ ክትከተሎ ኢኻ፣ በዚ ኣይትሻቐል፡" ተባሂሉ መልሲ ተወዋሂቡዎ ነይሩ።

ገለ ተመሃሮ'ውን "ንኹሉ ብማዕረ'የ ዝፈትዎን ዘድምዓሉን፣ ኣየናይ'ዩ ዝሕሸኒ ግን ኣይፈልጥን'የ?" ይብሉ'ዮም። ኮለጅ ማዕከን ዕድላት'ዩ። ኣብ ብዙሕ ክፍልን ዓይነት ትምህርትን ስለ እትኣቱ፡ ንዝተፈላለዩ ዓውድታት ክትላለዮን ክትድህስሶን ኢኻ። ካብ ኩሉ ርኢኻ ንዓኻ ዝጥዕም፡ ትፈትዎን ምስ ባህግኻ ዝተሓሓዝን ክጸንሓካ እዩ። ዓውዲ ክትመርጽ እንከለኻ፡ በቲ ህይወትካ ክትናበረሉ ትደልዮ ሞያ'ውን ስለ ትሓስብ፡ ብልዑል ኣተኵሮ ምስትውዓል የድሊ።

ከም ልምዲ "ኣነ ኣብ ምሽምዳድ'ዩ ሓይለይ፡" "ኣነ ኣብ ኳልኵለሽን'ዩ ሓይለይ፡" ንብል ኢና። ገለና በብእዋኑ ፈተና እናተዋሃብና ዓመት ምሉእ ኣብ ስራሕን መጽናዕትን ክንጽመድ ንፈቱ፣ ገለና ብኣጠቓላሊ ፈተና ክንካረጅ ንፈቱ፣ ገለ ክልሰ-ሓሳብ ንፈቱ፡ ገለ'ውን ግብራዊ ትምህርቲ ንፈቱ፣ ኣብዚ ድልየትናን ዓቕምናን ናይ ብሓቂ ንሱ ድዩ ምርግጋጽ ኣገዳሲ'ዩ። ሓደ ሓደ እዋን ንመምህራንና ፈቲና ንፈትዎ፡ ወይ ንመምህራንና ጸሊእና ንጸልኦም ዓይነታት ትምህርቲ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ውሳነ ንኽንውስን ምኽንያት ወይ ረቛሒ ኣይከውንን።

ንሎሚ እዚ እዘን ክልተ ነጥብታት ጠቒስና ክንሓልፍ፣ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ከኣ፡ ነቲ ትደልዮ ዓውዲ እተጽንዓሉ መገዲ፡ ጽባሕ ክትነብሮ እትደሉ ሞያ ብኸመይ ተለለን ኣመት ዝህብ ነጥብታት ክነቕርብ ኢና።

መም. ኮኾብ መሓረና


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


### ግድል

1) ኣርባዕተ መሓዙት ተወዳደርቲ፡ ናብ ሓደ ውድድር ቀረቡ። ኣሉሊ፡ ሶይራ፡ ኣዱላይትን ኤደንን ይበሃሉ። ዳኛ ናይቲ ውድድር ስሞም ስለ ዘይፈልጦም ኣስማቶም ሓተቶም። ኣዱላይት፡ ዘይስሙ ነገረ።

1ይ ተወዳዳራይ፡ "2ይ ተወዳዳራይ ኣሉሊ እያ፡" በለ፣

2ይ ተወዳዳራይ፡ "ኣነ ኤደን ኣይኮንኩን፡" በለ፣

3ይ ተወዳዳራይ፡ "ሶይራ? እቲ ራብዓይ ተወዳዳሪ'ዩ፡" በለ።

እቲ ራብዓይ ከኣ ካብ ምዝራብ ተቘጠበ።

ካብ መልሶም ብምብጋስ፡ኤደን መበል ክንደይ ተወዳዳሪት እያ?

(መልሲ ቅድሚ ምርኣይኩም ፈትኑ!)

### መልሲ

፡፡ሃ፲ሃ ፊሂ ቲሃሃፊወተ ትፃ፤ ፡ሂፃሂ

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ኵሉ ኣብዚ ዓለም እንርእዮ፡ ጥበባዊ ስራሕ ደቂ-ኣንስትዮ እዩ።"

- Mustafa Kemal Ataturk

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# “ደራሲ፡ ጸሓፋይ ጥራሕ’ዩ ክኸውን ዘለዎ - ነጋዳይ መጽሓፍ ክኸውን የብሉን” ተስፋይ ዕቑባይ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ ሃለቃ)

2ይን መወዳእታን ክፋል

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ትማሊ ዓርቢ ሕታምና፡ ምስ ተስፋይ ዕቑባይ ብዛዕባ’ታ ኣብዚ ቀረባ’ዚ ዘመረቓ መጽሓፉ 1ይ ክፋል ዕላል ኣካይድና ነይርና፡ ንሎሚ ድማ 2ይን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ።*

**ሕቶ - ብዛዕባዚ መጽሓፍ ካብ ኣንበብቲ ዝመጽኣካ ግብረ-መልሲ ኣሎዶ?**

እቲ ዝዓበየ ከም’ቲ እንጽበዮ ግብረ-መልሲ ብሕጂ’ኳ እንተኾነ፡ ዝረኸብኒ ሰባት ግን ‘ሕዝ ኩሉኣን ክንውደኣን ሓደ ኩይኑ፡ ኣዚያ መሳጢት መጽሓፍ እያ’ ዝበሉ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ። ደገምና ኣንቢብናያ ዝበሉኒ’ውን ከምኡ። እዚ ንዓይ ልዕሊ ትጽቢተይ እዩ።

**ሕቶ - ስለምንታይ ደኣ ከምኡ ዘይተጸበኻ?**

እንታይ ይመስለካ፡ ብፍላይ ከም’ዚ ዝኣመሰለ መጽሓፍ ደፍሪት ወሲኽካ ኢኻ ትጽሕፎ። ኣብ ኣድ ኣንበብቲ ምስ በጺሐ እንታይ ዓይነት ጽልዋን ግብረ-መልሲን ከህሉ እዩ ኣይትፈልጦን ኢኻ፡ ምኽንያቱ ‘ከይፈከኸ’ ትብል፡ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ፡ ‘ከይጋገ’ ትብል፡ ብብዙሕ ዓይነ ኢኻ ትጥምቶ። እቲ ዝበዝሐ ርእይቶ ግን ብሕጂ እየ ከጽቢ።

**ሕቶ - ሕብረተሰብ ካብዚ መጽሓፍ እዚ እንታይ ክመሃር ይኽእል ትብል?**

ህዝቢ ኑዩም ኣብ’ቲ መጽሓፍ ተሓጺዎም ዘለዉ ጠባያት፡ ብዮዝቱእ እንተደኣ ኣንቢብዎም፡ ጥዑይን ሓለፍነታውን ዜጋ ንኽፍጠር ይሕግዝ እዩ። ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ናብ ግጉይ ጉዕዞ ሂወት ንኸይከዱ እተማኣዝን እያ ክብል እኽእል። ካብኡ ናብኡ ከኣ ደቂ-ኣንስትዮ። ምኽንያቱ ግዳይ ናይ ፍትወ ጾታዊ ርኽብ ዝኾና ንሰን እየን። ብዘኾነ ይኹን ምኽንያት፡ እቲ ወዲ-ተባዕታይ ምስ ኣጋጸን ንሰን እየን ኑቲ ኩሉ ጸገም ዝስከማ። ስለ’ዚ፡ ብፍላይ ንሰን ገለ ቁም-ነገር ክኸስባ እየን ዝበል እምነተ’ዩ ዘሎኒ። ብፍላይ ከም’ዚ ዓይነት ዛንታ ኣብ ኣብያተ-ትምህርትና እንተደኣ ተዘርጊሑ፡ እዞም መንእሰያት እንበሎም ክፋል ሕብረተሰብና፡ ሳዕቤን ናይዞም ጸገማት እዚኦም እናፈለጥዎ ክኸዱ ይኽእሉ እዮም።

**ሕቶ - ዝተጠቐምካሉ ኮርናዕ ኣጸሓሕፋ እንታይ’ዩ?**

ኣብ’ዚኣ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዋላ ኣብታ ‘ካቴና’ እትብል ኣቐዲመ ዝጸሓፍክዋ መጽሓፈይ እውን ዝተጠቐምኩሉ ቅዲ ኣጸሓሕፋ፡ ከም’ዚ ‘ምልስት-ኣእምሮ’ እንብሎ እዩ። ከም’ዚ ዓይነት ቅዲ፡ ኣብ ጽሑፋተይ ብብዝሒ ዘዘውትሮ እዩ። ኣብ ሎሚ ኩይኑ ንድሕሪት ተመሊሱ ዘዘንቱ ሜላ ኣዘናትዋ እዩ።

ድሕሪ ባይታ ናይ’ቲ ሰብ ወይ ዛንታ ንድሕሪት ተመሊሱ ዝፍጽር እዩ፡ ኑቲ ኣንባቢ ተውርዶ ተደይቦ ማለት እዩ። ኣብ ክንዲ ኑቲ ሰብ ትኽ ኢሉ ሒዝዎ ዝኸይድ፡ ንዘኽሪ ትመልሶ፡ ንኣቡት፡ ኑቲ ሰብ፡ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ከመይ ይመስል ከም ዝበረ ብዛዕባ’ቲ ሰውራን እቲ ህዝብን ንድሕሪት ተመሊስካ ምዝንታው እዩ። እዚ ከም’ዚ ዓይነት ኣዘናትዋ ስነ-ጽሑፍ፡ ካብ ኣንበብቲ’ውን ጽቡቕ ዝኾነ ምትብባዕ ረኺበሉ እየ። ተጠቒመሉ ዘለኹ ቋንቋ ኣጸሓሕፋ’ውን ፈኲስን ንኹሉ ሰብ ብቐሊሉ ክርደኣ ዝኽእልን እዩ፡ ኑታ መጽሓፍ’ውን ዝኾነ ሰብ ኣብ ጁባኡ ብምእታው ኣብ ዝኾነ ቦታ፡ ዋላ ጫማኡ እናኣወልወለ ከንብባ ዝኽእል ቅልል ዝበለት እያ



ዝብል ግምት ኣሎኒ።

**ሕቶ - ኣብ ምድላውን ምዝርጋሕን መጻሕፍቲ ዘጋጥም ብድሆታት እንተትገልጸልና?**

እቲ መጽሓፍ ንምድላው ዘጋጥም ጸገማት እኳ፡ እቲ ኣብኡ ዘሎ ገልጠምጠም ኣቐዲምና ትንክፍ ኣቢልናዮ ነይርና። ኣብ ዕዳጋ ናይ መጻሕፍቲ እንተመጺእካ ግን ኣብ ዓድና ኣፍና መሊእና እንዛረበሉ እዩ። ሓደ ካብ’ቲ ንኸይትጽሕፍ ዝዕንቅጸካ ናይ ምዝርጋሕ ጉዳይ እዩ። ኣንባቢ’ውን ‘ከም’ቲ ዝድለ ኣሎ’ ኢልካ ኣፍ-ልብኻ ነፊሕካ እትዛረበሉ ኣይኮነን። ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ኣብ ርእሲ’ዚ ከኣ እቲ ዘሎ ወለዶ ንኸየንብብ ዝድርኽ ነገራት ምዕባለ ናይ ቴክኖሎጂ ይኸሰት ኣሎ። ወለዲ ክቈጻጸርዎ ዘይክእሉ ኩነት እዩ ዝፍጠር ዘሎ። ኣብ ሞባይላት ጌማትን ካልእ ዝተፈላለዩ ቪደዮታትን ተጻዊኑ ኑቲ ዝበረና ድኹም ናይ ምንባብ ንቕሓት ተወሳኺ ጸገም ኩይኑዎ ይርከብ። ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ዘሎ ጽልዋ ምንባብ ምስ ዝሓለፈ እዋን ክነጻጸሮ ከለኻ ብዙሕ ሰፊሕ ጠበቡ እዩ። እዚ ከኣ ከም ሕብረተሰብ ብንባብ ንኸይንዓቢ ዝዕንቅፍ ኣዝዩ ሓደገኛ ጽልዋ እዩ።

**ሕቶ - እሞ እዚ ጸገም’ዚ ኣጸቢቑ ከይሳዕረረ ባህሊ ንባብ ንምህንባብ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብል?**

ብዓብኡ ኩሉ ሰብ ክሓስቦሉ ዘለዎ ዕማም እዩ። እሞ እንታይ ደኣ’ዩ ክግበር ዘለዎ እንተደኣ ኢልና ግን ወላዲ ቅድሚ ኩሉን ምግዛኡ ንውላዱ መጽሓፍ ክገዝኣሉ ኣለዎ። ወለዲ ንባዕሎም ኣብ ክንዲ ምስ ውላዶም ተለቪዥን ወይ ሞባይል እናረኣዩ ዝዕልሉ፡ መጽሓፍ ሒዞም እንተዝዕልሉ ጽቡቕ እዩ። መጽሓፍ ብምሓዝ ባህሊ ንባብ ክሰርጽ ይኽእል እዩ። ካልእ፡ እቲ ሰድራ ባህሊ ንባብ ከሕድር እንተደኣ ኩይኑ፡ ብዛዕባ ዘንበቦ መጽሓፍ ንላድሕዱ ከዕልል ኣለዎ በዛላይ እዩ። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ‘በካ ፈደር’ ዝበሃል ብርትዓዊ ዋጋ መሸጣ መጻሕፍቲ እውን ነይሩ እዩ። ሕጂ ግና ኣቋሪጹ ኣሎ። ህዝቢ ደቁ ሒዙ ልክዕ ከም’ዚ ኣብ ፈስቲቫል ኤክስፖ ዝገብሮ እዩ ነይሩ። ዝሰኣንኪያ መጽሓፍ - ኣብኡ ኢኻ ትረኽባ። እሞ ከኣ ብርትዓዊ ዋጋ። እዚ ከኣ ሓደ ካብ’ቲ ፍታሕ ከምጽእ ዝኽእል ስለዝኾነ፡ ኣገዳስነቱ ተራእዩ ዝምልከቶ ኣካል ቀላሒታ እንተዘንብረሉ ጽቡቕ ነይሩ። ምኽንያቱ በዚ እንኸዶ ዘለና ድኹም ባህሊ ንባብ፡ ጸባሕ ንግሆ ሕብረተሰብና ባህሊ ንባብ ከየጥፍእ እሞ ዋጋ ከየኽፍለና ክንጥንቀቐሉ ጽቡቕ እመስለኒ። ሳዕቤኑ’ውን ሓደገኛ እዩ። ብፍላይ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ዘጋጥም ዘሎ ጸገም ዘርርም እዩ። ሓደ ኮሊጅ ዝወድአ ተመሃራይ፡ እሩም ዝኾነ ኣጸሓሕፋ ደብዳቤ ጸሓፍ እንተደኣ ኢልካዮ፡ ክጽሕፍ ይኽእል ደዩ ኣይክእልን ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ እዩ ዝመስለኒ።

**ሕቶ - ብዛዕባ ናይ መጻኢ መደባትካ እንተተዕልለና?**

ኣምላኽ ዕድመን ጥዕናን ይሃበኒ እምበር፡ ከም’ዚ ዓይነት ጽሑፍ ክቕጽሎ መደብ ኣሎኒ። መዓስ እጽሕፎ ግን ሕጂ ቃል ኣይኣቱን እየ። ካብ’ዚ ሰዓት እዚ ጀሚረ ግን ክጽሕፍ ምኻኣለይ እፈልጥ እየ።

**ሕቶ - ኣብ መወዳእታ ከተመሓልልፎ እትደሊ መልእኽቲ . . . ?**

ግደ ሓቁ፡ ነዚ መጽሓፍ ንኽጽሕፍ ኣዝዮም ብዙሓት ሰባት ኣተባቢዖምኒ እዮም። ኣብ’ቲ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት ጠቒሰዮም ስለዝኾንኩ፡ ኣብ’ዚ ምዝርዛርም ኣየድልን’ዩ። ብሓፈሻ ግን ኑዮም ብቐጻሊ ዘተባብዑኒ ሰባት ልዑል ምስጋና ይብጽሓዮም። መልእኽቲ ካብ በልዓሊ ግን ሕብረተሰብና ከንብብ ኣለዎ። ኩለን እንዳ እስተኸሽራታት እውን ኣብ ምዝርጋሕ መጻሕፍቲ ተገዲሰን ኣቓልቦ ክዝብራን ተራኣን ክጻወታን ኣለወን። ብዓብኡ ግን - ደራሲ ጸሓፋይ ጥራሕ’ዩ ክኸውን ዘለዎ እምበር፡ ነጋዳይ መጽሓፍ ክኸውን የብሉን። መጽሓፍ ዝዘርግሕ ሓደ ወግዓዊ ትካል ክህሉ ግቡእ እመስለኒ። ኣውጊት’ኳ እንተሃለወ፡ ኣዝዩ ድኹት እዩ። ሓደ ጸሓፊ፡ መጽሓፉ ተዀምሊ፡ መዐቀኒታት ተገይሩሉ ክሕተም ኣለዎ። ምኽንያቱ መጽሓፍ ምስ ደረሰካ ንዓኡ ክትሸይጥ ዓመት ኢኻ ካብ’ቲ ዓውዲ ትወጽእ። ናብ ሽያጢ (ነጋዳይ) መጽሓፍ ኢኻ ትቕየር። ስለ’ዚ፡ ሓደ ወግዓዊ ኣከፋፋሊ - መጻሕፍቲ ዝዘርግሕ ትካል ክህሉ ኣለዎ በዛላይ እዩ። ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ብዙሓት ሓደሽትን ንፉዓትን ጸሓፍቲ’ውን ይቀላቐሉ ኣለዉ፤ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ጸገማት ስለዘሎ ግን ዝምልከቶ ኣካል ክሓስበሉን ክሰርሓሉን ዘለዎ እዩ።

**የቐንየልና!**

**ርእይቶ ብዛዕባ መጽሓፍ ‘ኣብ ሸላ’**

መጀር ንርኣዮ ተኽለ ኣንዋር፡ ኣብ ስነ-ስርዓት መመረቕታ መጽሓፍ ‘ኣብ ሸላ’፡ ብመንጽር ሞያዊ ዓውዱ፡ ኣብ’ዛ መጽሓፍ ዘለዎ ርእይቶ ብከም’ዚ ዝስዕብ ኣቕሪቡ ነይሩ። ጽማቕ ትሕዝቶኡ እነሆ፦




=መጽሓፍ ኣብ ሸላ፡ ብዛዕባ ኣብ መንን ፖሊስን ገበኛታትን ዝኸሰት ህልኽ እተዘንቱ እያ። ኩሉ ግዜ ኣብ መንን እዞም ክልተ ወገናት ዘሎ ህልኽ ናይ ሃዳንን ተሃዳንን ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። ገበኛታት፡ ተበላሒዮም ኣሰር ዘይብሉ ገበን ፈጺሞም ከይተረኽቡን ከይተቐልዑን ‘ክንሓልፍ ንኽእል ኢና’ ዝብል እምነት ኣለዎም። ፖሊስ ከኣ፡ ዝተፈጸመ ነገር ኣሰር ስለዘገድፍን ስለዘለዎን፡ ነዚ ሓዙ ጻዕርን ተበላሓትነትን ወሲኹ ኑቲ ገበን ኣብ መወዳእታ የቃልዖ እዩ። ምስጢር ዝበሃል የለን፡ እንተሃልዩ ከኣ ንግዚኡ እዩ። ስለ’ዚ፡ ፖሊስ ኩሉ ግዜ ነዚ መትከል’ዚ ሒዙ እዩ ዝቃለስ።

መጽሓፍ ‘ኣብ ሸላ’ - ዓመታት ዘቑጸረ ዝወደቐ ሬሳ ኣብ’ቲ በረካ ተረኺቡ ኣሎ። ዝኾነ ፍንጪ (መበገሲ) የብሉን፡ ጉጅለ መርመርቲ ፖሊስ መንነት መዋትን ጠንቂ ሞትን ንምፍላጥ ይንቀሳቐሱ ኣለዉ። ሓበሬታ ይእክቡ፡ የጽንዑ፡ ይምርምሩ፡ ይትንትኑ፡ ይውስኑ። ኣብ ከም’ዚ ኩነታት ብልሒ ዘለዎም፡ ሕልፊ ሰብ ክዝብሩን ክፈልጡን ክምህሩን ክትንትኑን ዝኽእሉ መርመርቲ’ውን ኣለዉ። ኣብ መጽሓፍ ‘ኣብ ሸላ’፡ መንእሰይ ጓል-ኣንስተይቲ ኣባል ሃገራዊ ኣገልግሎት - ማለት ኣባል ናይ’ቲ መርማሪ ጉጅለ ብምዃኗ፡ ንሳ እተምጽኦን እትፈጥሮን ንሳ ትትንትኖን ትውስኖን ካብ ሞያኣ ተበጊሳ ብልሒ ዘርኣየትሉ ኩነታት ስለዝበረ፡ ናይ ብሓቂ ኣብነታዊት ጓል-ኣንስተይቲ ከም ዝኾነት እተረድእ መጽሓፍ እያ።

ደቂ-ኣንስትዮ፡ ከም ኣብ ኩሉ ዓውድታት፡ ኣብ ዓውዲ ፖሊስ ብሓፈሻ፡ ኣብ መርመራ ገበን ከኣ ብፍላይ ኣድማዕትን ጸለውትን ምዃነን ዘመስከራ ከኣ እዩ። ፖሊስ ሳዕልን ታሕትን ይብል ኣሎ። ኣብ’ቲ ወዲሉ ኣብ’ቲ ይሓድር፡ ኣብቲ ቀሪሱ ኣብቲ ይድረር፡ ሕጂ’ውን ኣብ’ዚ መጽሓፍ ይምርምር ኣሎ። የጻርን ይትንትንን።

ይግምግም ኣሎ፡ ወዮ ደኣ ስራሕ ፖሊስ ‘ረብረብን ድኺመን ከምኡ ከኣ ወዲኣን’ ኣይብልን እዩ እምበር፡ ንስራሕን ጥበብን ፖሊስ ዝፈታትኑ ገበናት’ውን ብዙሓት እዮም። ሓደ ካብኡ ከኣ ኣብ መጽሓፍ ሸላ ኢና ንረኽቦ።

ዕላማ ፖሊስ ሓደ እዩ። ንጹህ ከይብደል፡ ገበኛ ከይሰወር እዩ። ነዚ ንምርዳእ ከኣ እዚ መጽሓፍ ተወሃሂዱ ቀሪቡልና ኣሎ። ፖሊስ ሳዕልን ታሕትን በሉ። መን ሰዓረ መን ተሳዕረ፡ መን ተዓወተ መን ፈሸለ፡ መን ወደቐ መን ተንሰአ፡ መን’ከ ተኣስረ መን’ከ ተሰወረ - እዚኣም፡ መጽሓፍ ‘ኣብ ሸላ’ ኣንቢብካ ዝምለሱ ሕቶታት እዮም።

እንተ ደራሲ ተስፋይ ዕቑባይ፡ ንስርሓት ፖሊስ፡ ንጥበብ ገበኛታት፡ ንጻዕርን ስሩፍልጡትን ፖሊስ፡ ብዮዝቱእ ሃጺጽዎን ገሊጽዎን እዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ንኽተንብቦ እትዕድም ስሓቢት ዝኾነት መጽሓፍ ኣወፍዩልና ኣሎ። ስለ’ቲ ኩሉ ኣበርክቶኡ ከኣ ምስጋና ይግበኦ። እንተ’ዞም ኣብ’ዚ ዘለና ኣንበብትን ሰማዕትን - ሓቂ ካብ ሓሶት፡ ጥዑይ ካብ ሕሙም፡ ጽቡቕ ካብ ክፉእ፡ ንጹህ ካብ ገበኛ ክንፈሊ እንተኾይንና፡ መጽሓፍ ካብ ሸላ ሃንብቡ፡ ብሕልፊ መንእሰያት፡ ከም ሓቂ ዝመስል ሓሶት፡ ከም ፍቕሪ ዝመስል ጽልኢ ከየደናግረና፡ መጽሓፍ ኣብ ሸላ ሒዝዚ ሓበሬታ ኣለዋ’ሞ፡ ኣንበቡዋ! እናበልኩ ደጊመ ንደራሲ እንቋዕ ኣሐጎሰካ ክብሎ እፈቱ። ጽን ኢልኩም ስለዝሰማዕኩምኒ ኣመስግነኩም - የቐንየለይ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Fleet Officer** |
| **Number required** | **01** |
| **Location:** | Koka Gold Mine (Site) |
| **Reporting to:** | HR & Admin Superintendent |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | - Mining Industries will likely have a fleet officer. A fleet officer is, exactly as it suggests, the administration of the transportation fleet. |
| **Duties:** | - Oversee fleet maintenance.<br>- Obtain and maintain Company Light Vehicles and Truck licensing and registrations.<br>- Obtain and maintain release testing.<br>- Obtain and maintain annual inspections.<br>- Develop and report monthly Vehicle use reports.<br>- Oversee proper use of fuel consumption.<br>- Maintain daily inspections.<br>- Maintain work orders.<br>- Conduct safety meetings<br>- Oversee and schedule repairs.<br>- Maintain, log, and account for fuel and oil storage tanks.<br>- Opening of work orders.<br>- Researching parts availability and cost.<br>- Issuing purchase orders.<br>- Conduct training guides for driver employees.<br>- Timecards.<br>- Manage driver's Roster Rest, Annual, and other leaves...<br>- Maintain the parts inventory.<br>- Responsible for vehicle safety.<br>- Comply with Government Road Use laws and policies.<br>- Develop, maintain, and adhere to disciplinary procedures and driver orientation program.<br>- Facilitate and implement corrective actions and capacity building to manage the entire fleet to achieve company objectives.<br>- Others as instructed by the supervisor or superintendent |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | • A minimum high school grade or equivalent relevant diploma is preferable. |
| **Working Experience – Nature & Length** | • Minimum of two years experience in Managing a transportation fleet<br>• Minimum of 1-year supervisory experience in a similar role |
| **Leadership Experience - Nature & Length of time** | - Excellent management and leadership skills |
| **Other skills and abilities** | • Excellent written and verbal communication skills<br>• Excellent written and verbal English language skills<br>• Good negotiating skills. |

**Salary:** According to the Company's salary scale.


Place of work: Zara Mining Share Company,Koka Gold Mine, Zoba Gash Braka

**Additional Requirement for nationals**: Having fulfilled their National Service obligations, provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Having present the release paper or registration card issued by the reserve Army. Provide a Clearance paper from the office of the Eritrean Police and present a Medical Certificate from the Hospital—present Clearance paper from the current/last employer. Short-listed applicants are only considered as potential candidates for the interview.
The Company will not return Application documents to the sender. Applications should be sent to the HR Office.

**Address……..** Please mail your applications to Zara Mining Share Company P.O.Box 2393 Asmara

Note to Eritrean applicants: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

**Deadline for application: 10 days from the day of advertised.**



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ዝተዳቖቑ ፕላስቲካት ኣብ ሓንጎል ሰብ ተረኺቦም



ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሜክሲኮ፡ ዝተዳቖቑ ፕላስቲካት ኣብ ሓንጎል ወዲ-ሰብ ከይተረፉ ህላወኦም ኣውሒሶም ምህላዎም፡ ካብቲ ኣብ ብርክት ዝበሉ ሓንጎል ናይ ዝሞቱ ሰባት ዘካየድዎ መጽናዕቲ ክፈልጡ ምኽኣሎም ሓቢሮም።

ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ኣብ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ ዝተዳቖቑ ፕላስቲካት ኣብ ሰናብእ፡ መዳሕንቲ፡ ስርዓት-መፍረ፡ ጸላም ከብዲ፡ ኩሊት፡ ኣብራኽ፡ መሊጋበታት፡ ሰራውር ደምን ኣንገዕን ክርከቡ ተኻኢሉ ኣሎ። ሰባት ብዘስተንፍስዎ ኣየር፡ ብዝበልዕዎ መግቢን ብዝሰትይዎ ፈሳስን ኣቢሎም እዮም ንዝተዳቖቑ ፕላስቲካት ዝቃልዑ ዘለዉ።

እዞም ፕላስቲካት ኣብ ጥዕና ሰብ ዘኸትልዎ ሳዕቤን ክሳብ ሕጂ ንጹር ዋላ ኣይኹን፡ ገለ ገለ መጽናዕትታት ግን፡ ዝተዳቖቑ ፕላስቲካት ኣብ ኣካላት ወጥሪ ብምፍጣር ንሰነወት ዋህዮታትን ረኽስን ከምዝቃልዑ ገሊጾም ኣለዉ። ኣብ እንስሳታት ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከኣ፡ እዞም ፕላስቲካት ንጸገማት ስርዓት መፍረ፡ ጸገማት ልቢ፡ ሕማም መንሽሮ፡ ምምዛብዕ ንጥፈታት ሓንጎል፡ ከምኡ'ውን ንምድኻም ስርዓት ተጻዋርነት ከምዝቃልዑ ተሓቢሩ እዩ።

እቶም ተመራመርቲ ነቲ መጽናዕቲ ኣብ ኣካላት ዝሞቱ ሰባት እዮም ኣካይዶምዎ። ኣብ ሓንጎል ዝተረኽበ ብዝሒ ፕላስቲክ ድማ፡ ካብ ኣብ ጸላም ከብድን ኩሊትን ዝተረኽበ ፕላስቲክ፡ ካብ ዓሰርተ ክሳብ 20 ዕጽፊ ዝዛየደ ኮይኑ ተረኺቡ። እዚ ከኣ ሓንጎል ወዲ-ሰብ፡ ካብ ካልኦት ኣካላት ንላዕሊ እቲ ብብዝሒ ፕላስቲክ ዝተበከለ ክፍሊ ኣካል ክኸውን ኣኽልዎ ይርከብ። ንሳቶም፡ ብሕማም ረሰዕ ኣብ ዝተጠቕዐ ሓንጎል ኣብ ዘካየድዎ ዳህሳሳውን፡ ኣብ ዝሓመመ ሓንጎል ሰብ፡ ካብ ብሕማም ረሰዕ ዘይተጠቕዐ ሓንጎል ብዓሰርተ ዕጽፊ ዝበዝሕ ፕላስቲክ ከምዝረኸቡ ገሊጾም። ኣብ ዝሓመመ ሓንጎል ሰብ ዝተረኽቡ ብዝሒ ፕላስቲክ፡ ጠንቂ እቲ ሕማም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ከኣ ሞያዊ ግምታቶም ሂቦም ኣለዉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 2024 ኣብ ሓንጎል ሰብ ዝተረኽበ ብዝሒ ዓቐን ፕላስቲክ፡ ካብቲ ኣብ 2016 ዝተረኽበ ብዝሒ ፕላስቲክ፡ ብ50 ሚእታዊት ከምዝዛየደ እዩ ተፈሊጡ ዘሎ። እዚ ከኣ ኣብ ኣየር፡ ማይን መግብን ዝርከብ ዓቐን ፕላስቲክ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናዛየደ ይመጽእ ምህላዉ ዘርኢ፡ ጉሉሕ ኣብነት ምዃኑ እቶም ተመራመርቲ ኣረዲኦም።

ንሳቶም ኣሰዒቦም፡ ዝተዳቖቑ ፕላስቲካት ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋል ኣካላት ብብዝሒ እናተኣከቡ ይኸዱ ስለዘለዉ፡ ሰባት ኣብ ክንዲ ዕሹግ ማይ ሱሳ ዝሰትዩ ናይ ገዛ ማይ ክጥቀሙ፡ መግቦም ኣብ ፕላስቲካዊ ኣቕሓ ኣቐሚጦም ኣብ ማይክሮወይቭ ካብ ምውዓይ ክቖጠቡ፡ ኣብ ፕላስቲክ ዝተዓሸጉ መግብታት ምብላዕ ከወግዱ፡ ኣብ ግዜ ምድላው መግቢ ፕላስቲካዊ ኣቕሓ ምጥቃም ከቋርጹ፡ ዝተዳቖቑ ፕላስቲካት ደርና ናይ ምእካብ ባህሪ ስለዘለዎም ኣብ ገዛ ኮነ ናይ ስራሕ ቦታ ደርና ከይህሉ ግቡእ ምጽርራይ ክገብሩ መኺሮም።

## ኣካላዊ ምትዕጽጻፍ፡ ቀልጢፍካ ንዘይሙማት ይሕግዝ



ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከቡ - ኣረጋውያን ልዑል ናይ ምትዕጽጻፍን ምዝርጋሕን ክእለት ዘለዎም ሰባት፡ ነዊሕ ዕድመ ከምዝነብሩ ኣብ ሓደ ሓዳሽ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ተሓቢሩ።

እቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ንልዕሊ 3 ሽሕ ሰባት ዘሳተፈ ኮይኑ፡ ዕድሜ፡ ክብደት ኣካላትን ኩነታት ጥዕናን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ ነይሩ። ምትዕጽጻፍን ምዝርጋሕን ኣካላት ድማ፡ ቀልጢፍካ ናይ ሙማት ተኽእሎ ከምዝትሕት ክልለ ተኻኢሉ ኣሎ። ምትዕጽጻፍ ኣካላት፡ ብብዙሓት ሰባት ዘይዝውተር ክፋል ኣካላዊ ምንቅስቓስ እዩ። እዚ ብኣትሌታት ዝፍለጥ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ንሰምሪ እቶም ብዘይዳ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተቓልዑ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ከምዝሕግዝ እዩ ኣብቲ ግብራዊ መጽናዕቲ ተሓቢሩ ዘሎ።

ምስ ምውሳኽ ዕድመ፡ ናይ ምትዕጽጻፍ ተኽእሎ ኣካላት እናጎደለ እዩ ዝኸይድ። እዚ ባህርያዊ መስርሕ እዚ ከኣ ንሕማማትን ቀልጢፍ ሞትን ዘቃልዕ ከምዝኾነ ብክኢላታት ጥዕና ይግለጽ። ዝኾነ ሰብ ገዲፉ ገዲፉ እቲ ዘካይዶ ዕለታዊ ንጥፈታት ኮነ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣካላቱ ብምትዕጽጻፍን ብምዝርጋሕን ጥዕንኡ ክሕሉ ኣካይድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ኣብ መወዳእታ መኺሮም።

## “ኣብ ኣካላተን ከሚካል ‘ቢስፍነል ኤይ’ ዘለወን ነፍሰ-ጾራት፡ ኦቲዝም ዘለዎ ዕሸል ክወልዳ ተኽእሎ ኣሎ” ተመራመርቲ



ኣብ ኣካላተን ልዑል ዓቐን ቢስፍነል ኤይ (bisphenol A) ዝበሃል ኣብ ፕላስቲክ ዝርከብ ከሚካል ዝርከበን ነፍሰ-ጾራት፡ ኦቲዝም ዘለዎ ቁልዓ ክወልዳ ዘለወን ተኽእሎ ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ፡ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ መልበርን - ኣውስትራልያ ሓቢሮም።

እዚ መጽናዕቲ ኣብ ኣውስትራልያን ኣመሪካን ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ነቲ ኣብ ፕላስቲክ ዝርከብ ከሚካል ዝተቓልዓ ነፍሰጾራት፡ ኦቲዝም ዘለዎ ወዲ ክወልዳ ከምዝኽእላ እዩ ዝገልጽ ዘሎ። ንሳቶም፡ እዚ ከሚካል፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ንምዕባለ ሓንጎል እቲ ኣብ ማህጸን ወላዲቱ ዝርከብ ተባዕታይ ዕሸል ከምዝዘናብዮ ኣረዲኦም። እዚ ንመጀመርያ እዋኑ ከሚካል ‘ቢስፍነል ኤይ’ ምስ ኣብ ቁልዑ ዝርአ ኦቲዝም ከምዝተተሓሓዘ ዘለለየ መጽናዕቲ፡ ኣብ ፕላስቲክ ዝርከቡ ከሚካላት፡ ብስሪ ብዝሒ ተጠቀምቲ ፕላስቲክን መጸብቖን ንምውጋድዎ ኣብ ዘይከኣሉ ደረጃ ከምዘበጽሐ ኣጺሩ ኣሎ።

ኣብ ፕላስቲክ ዝርከቡ ከሚካላት፡ ብእንበልዖ መግቢ፡ እንሰትዮ ፈሳሲ፡ እነስተንፍሶ ኣየር፡ ኣብ ቆርበትና ብእንቕብኦ ኮዝሞቲክን መለሳለስን ኣቢሉ ናብ ወሽጢ ኣካላት ክኣቱ ከም ዝኽእል'ዩ ብተራመርቲ ዝሕበር። ነፍሰጾራት ድማ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ተቓልዑ ስለዝኾና፡ ናብዚም ከሚካላት ብብዝሒ ከቃልዕወን ካብ ዝኽእሉ ንጥፈታት ክጥንቀቓ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ኣተሓሳሲቦም።


## ኣብ ምቅልጣፍ ምሕዋይ ቁስሊ ዝሕግዝ ‘ኤለክትሪካዊ ፋሻ’ ማዕቢሉ

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሰሜን ካሮላይና ዝመደበሮም ተመራመርቲ፡ ኤለክትሪካዊ ጸዓት ተጠቒሙ-ንምሕዋይ ቁስሊ ዘቀላጥፍ ፋሻ ከምዘማዕበሉ ሓቢሮም።

እዚ ብመንጸር ዋጋ ሕሱር ምዃኑ ዝግለጽ ዘሎ ሓዲሽ ዓይነት ፋሻ፡ ካብቲ ንቡር ፋሻ ብ30 ሚእታዊት ቀልጢፉ ቁስሊ ከምዘሕዊ እዩ ዝሕበር ዘሎ። እዚ ብዘይዳ ንኩሓዊ ዘይክእል ዓይነት ቁስሊ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ፋሻ፡ ኣብ ገዛ ኮይንካ ክትጥቀመሉ ዝከኣል ብምዃኑ፡ ካብ'ቶም ኣቐዲሞም ቀልጢፍ ጸገና ቁስሊ ክሕይዱ ዝጸንሑ ዓይነት ፋሻታት ዝተፈልየ ገይርዎ ይርከብ።

ኩሓዊ ዘይክእል ቁስሊ፡ ብዘይዳ ኣብ ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት ዝርአ ኮይኑ፡ ብቐሊሉ ዘይሓውን ምስ ግዜ እውን ንመቑረጽትን ሞትን ዘቃልዕ ዓይነት ቁስሊ እዩ። ዝ ዓይነት ቁስሊ ክጽግኑ ዝኽእሉ ፍወሳታት'ኳ እንተሃለዉ፡ ክቡራት ብምዃኖም ግና ኣብ ተሓከምቲ ተወሳኺ ፋይናንሳዊ ጸገም ክፈጥሩ ምጽንሖም ይግለጽ።

እዚ ፈኩስ ክብደት ዘለዎ፡ ባትሪ ዘውንን ኤለክትሪካዊ ፋሻ፡ ብማይ እዩ ዝሰርሕ። እቲ ማይ ምስ ነጠበ ኤለክትሪካዊ ጸዓት ዝፈጥር ፋሻ፡ ነቲ ኣብቲ ቁስሊ ዝርከብ ረኽሲ ብምእላይን ሓደሽቲ ሰራውር ደም ብምፍጣርን እዩ ንቁስሊ ናይ ምሕዋይ መስርሕ ዘቀላጥፎ። እዚ ኣብ ሕማም ሽኮር ዘለወን ኣናጹ ተፈቲኑ ዘሎ ኤለክትሪካዊ ፋሻ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ሰባት ንኽፍተን ተወሳኺ ምዕባለታት ይካየደሉ ምህላዉ፡ እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም።



## ኣሕምልቲ ምምጋብ ንጥዕና ጸላም ከብድን ኩሊትን ጽቡቕ ምዃኑ ተገሊጹ

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ጥዕና ቬና - ኣስትርያ ኣብ ዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ኣሕምልቲ ምምጋብ ንመስርሕ ምድቃቕ መግቢ (ሜታቦሊዝም)፡ ንጥፈታት ኩሊትን ጸላም ከብድን ከምዘበራትዖ ሓቢሮም።

እዚ መጽናዕቲ ልዕሊ 113 ሽሕ ሰባት ዘሳተፈ ኮይኑ ን12 ዓመታት እዩ ተኻዪዱ። ኣሕምልቲ፡ ፍሩታታት፡ ኣእኽልን ትሑት ዓቐን ስጋን ምምጋብ፡ ንመስርሕ ሜታቦሊዝም፡ ጥዕና ኩሊትን ጸላም ከብድን ከምዘደንፍዖ ድማ ገሊጾም። እዚ ከኣ ተኽእሎ እቲ ብዝወርሱ ክረሻ፡ ምውሳኽ ዕድመን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብዘይምግባርን ክስዕብ ዝኽእል ካልኣይ ዓይነት ሕማም ሽኮር ብ24 ሚእታዊት ከምዝጎድሎ እቶም ተመራመርቲ ወሲኾም ኣረዲኦም።

ኣብ ካልእ መጽናዕቲ፡ ኣብ መዓልቲ 100 ግራም ስጋ ምምጋብ ተኽእሎ ሕማም ሽኮር ብ10 ሚእታዊት ከምዝልዕሎ ተለልዩ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ዕለታዊ ክልተ ቆጽላ ስጋ ሓሰማ ምምጋብ፡ ንተኽእሎ እዚ ሕማም ብ15 ሚእታዊት ከምዝዕብዮ ተሓቢሩ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ፡ ተኽእሎ ዝተፈላለዩ ሕዱራት ሕማማት ንምጉዳል፡ ብዝሒ ኣሕምልቲ፡ ፍሩታታት፡ ጥረታት፡ ኣእኽልን ትሑት ዓቐን ስጋን ክንምገብ ከምኡ'ውን ዝተመስርሑ መግብታት ክነወግድ፡ ኣካየድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ኣዘኻኺሮም።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ጃልያ<br>ፋርማሲ ሰናይ<br>ፋርማሲ ማይ ተመናይ | 25/08/24<br>ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ጎደና ሰኪኒይቲ ቁ.84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ<br>ጎደና ዓዲ ኣቡቶ ቁ.89፡ ትሕቲ ቤ/ት ማርቲ ንሎተር ክር<br>ጎደና ዓዲ ኣቡቶ ቁ.315፡ ከባቢ ቤት ክርስትያን ኣቡነ - ኣረጋዊ<br>ቁ.ቴሌፎን 127565 | 110680<br>08370129<br>08370134 |